# ሓሶት ጸብጻብ ተጣባቒ ሰብኣዊ መሰል በሃሊ።

ኣብዚ ሰሙን ንሰምዖ ዘሎና ናይ ሓሶት ጸብጻብ ካብ ሰለስተ ኣባላት ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ በሃልቲ ንቡዙሓት ኣህዛብ ዓለም ዘስደመመ ልቢ ወለድ ፊልም ካብ ሙኳን ሓሊፉ ካልእ ከኸውን ኣይእልን። እዚ ጉጅለ እዚ ከም ኩሉ ሰሪሑ ዝነብር ሰብ ንስራሕ ዝተቖጽረ ጉጅለ እዩ። እቲ ካብ ኩሉ ሰራሕተኛ ዝፈልዮ ነገር ግን ናይ ሓሶት ሰራሕተኛ ምዃኑ እዩ። ሓሲዩን ኣታሊሉን ውዕለቱ ዝኸፈል ጉጅለ እዩ። ስለምታይ ናብ ኤርትራ ኣቶኩሩ ንዝብል ሕቶ መልሱ ብዙሕ እኳ ኣንተኾነ፤ እቲ እቶ ቀንዲ ግን፣ ኤርትራ ንመዝመዝትን ጎበጥትን ኣፍደጊኣ ዕጹው እዩ። እዚ ስለ ዝኾነ ከኣ እቶም ነዚ ጉጅለ'ዚ ዝምውሉ መንግስታት ብፍላይ ከኣ መንግስቲ ኣሜሪኻ ረብሕኦም ስለ ዘይተሓለወ ነዛ ሃገር ጽንዓት ብሰላም ክትነብር ድልየቶም ኣይኮነን።

ብኽልእ ወገን ኤርትራ ኣብ ርእሰ ሙርኮሳ እትኣምን፤ ጽቡቕ ኣብነት ንኻልኦት ሃገራት ክትከውን ስለ ትኽእል፣ ብፍላይ ንሃገራት ኣፍሪቓ ዓቢ ትምህርቲ ከተበርክት እያ እሎም ስለ ዝሰግኡ እዩ። ሰብኣዊ መሰል ምግሃስ እንታይ ማለትዩ? ሓንቲ ሃገር ሰብኣዊ መሰል ዜጋታታ ጊሂሳ ዘብላ ነገር እንታይ ምስ እትገብር እዩ? ባዕዳውያን እንታይ ጥቕሚ ስለዘለዎም እዮም ሰብኣዊ መሰል ናይ ካልኦት ክንጣበቕ ኢና ዝብሉ? ካብ ቅድሚ ቀዳማይ ኲናት ዓለም ኣትሒዘን ሰብኣዊ መሰል ካብ ምግሃስ ክሳብ ሕጂ ዘይተቖጠባ በዓል መንየን? እዚ ኩሉ ሕጂ ኣብ ዓለም ወሪዱ ዘሎ ህውከት ብሰንኪ መንግስቲ ኣሜሪካ መሻርኽታን ዝፈጠርኦ መሰል ሃገራትን ህዝበን ምግሃስ እንድዩ። ኣሜርካ ዝረገጸታ ሃገር ብሰላም ትነብር ኣላዶ?

ምዕራባውያን ንኣፍሪቓ ከም መጉሓፊ ዝጥቀሙላ ክፍሊ ዓለም እያ። ንኣብነት ኣብ ገማግም ባሕሪ ምዕራብ ኣፍሪቓ ዝርከባ ሃገራት ናይዚ መርዛም ከሚካላት (Chemicals) ጎሓፍ ግዳይ ኮይነን ይርከባ። ህዝቢ ኣፍሪቓ ናይ ሓድሽ መድሃኒት መፈተኒ ይጥቀሙሉ። ኤይድስ ስለምንታይ ኣብ ኣፍሪቓ ተኸሲቱ? ኢቦላ ካበይ መጺኣኡ? ብምንታይ መጺኡ? ስለምታይ'ከ ኣብ ኣፍሪቓ? ካብዚ ዝኸፍእን ዝዓብን ግህሰት ደቂሰባት ኣሎድዩ?






መንግስቲ ኣሜሪካ ኣብ ኣፍጋኒስታን ዘውረዶን፣ ዘውርዶ ዘሎ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ ህጻናትን ኣረገውትን ብሓፈሻ ኣብ ልዕሊ እታ ሃገርን ህዝባን መሰል ምግሃስ እንዶ ኣይኮነን? ኣበይ ኣለዋ እተን መሰል ደቂ ሰባት ንጣበቕ ዝብላ።

ዒራቓውያን ካብ ዝነበሮም ጸጋ ናብ ድኽነት ቅትለትን በጺሖም ዘለዉ ብሰንኪ ጉጉይ ስጉምቲ መንግስቲ ኣሜሪካን መሓዙታን እንዶ ኣይኮነን፡ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣቡ ግረብን ጎንታናሞ እሱራት ሰብኣዊ ርህራሄ ብዘይቡሉ ኣገባብ ተዳጉኖም ኣለዉ እንዶ። ወተሃደራት ኣሜሪካ ኣብ ዒራቕ ካብ ዝነኣሰት ጓል ክሳብ ዝዓበት ኣደ ዝተጋሰሱወን ዝቐተልወንን ውሑዳት መዓስ ኮይነን። ኣበይ ኣለዋ እተን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰል ዝብላ።

ኣብ ሊብያ ዝወረደን ዝወርድ ዘሎን ግፍዒ ብሰንኪ ምዕራባውያን ዝኣጎዶአ ሃዊ'ዶ ኣይኮነን። ብፍላይ መንግስቲ ኣሜርካ መሻርኽታን። ልእላውነት መንግስቲ ሊብያ ደፊሮም፣ ፕረሲደንት ሊብያ ቀቲሎም፤ ሃገር ናብ ውግእ ሓድሕድ ኣናቑቱም ብኣማእት ዝቑጸር ህዝባ ኣደዳ ሞት ኮይኑ፣ ንፍልሰት ደቂ ሰባት ማዕጾ ኸፊቱ ሰላማዊ ውቅያኖስ ደቂ ሰባት ከምዝድረር ዝገበሩ ንሳቶም እንድዮም። ቤት ጽሕፈት ሕቡራት መንግስታት ነዚ ኣጸቢቑ እፈልጦ እንዲዩ። ኣበይ ኣለዋ ሰብኣዊ መሰል ተጣበቕቲ ዝብላ።

ህዝቢ ፍሊስጤም ለይትን መዓልትን ሬሱኡ ኣብ ጎደናታት ክዝሕዛሕ ከሎ፣ ኣባይቱ ክፈርስ ከሎ፣ ብውጉድ ከሚካል ክድብደብ ከሎ በዓል ወይዘሪት ሓላይት ሰብኣዊ መሰል እንታይ ትገበር ኣላ? ናይ ቶንኮል ሮድ ማፕ ብጀካ ህልቂት ፍልስጠማውያንን ፣ ስእነት ቅሳነት እስራኤላውያንን እንታይ ኣምጺኡ።

ኣብ ግብጺ፣ ሶርያ፣ ቱኑዝያ፣ ኢትዮጵያ፣ ደቡብ ሱዳን፣ ዩኩረይን፣ የመን፣ወዘተ... ዝፍጸም ዘሎ ገበናት፡ ደቂ ሰባት ብዘስካሕክሕ ኩነታት እናተገፍዑ ከለዉ ሕቡራት መንግስታት ( United Nation) ሓላፍነቱ ዘይገብር? ስለምታይ ንገለ ሃገራት ልዕሊ ሕጊ (ሃብታማትን ሓያላትን)፣ ነተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ (ድኻታት ድኹማትን) ትሕቲ ሕጊ ጌሩ ዝጥምተን?

እዚ ብዛዕባ ኤርትራ ተወሲዶ ዘሎ ዘይፍትሓዊ እገዳ፣ ዋላኳ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝተፈርደ ፍርዲ ይኹን እምበር ንህዝቢ ኣፍሪቃ ዘናሹን ዘነኣእስን፣ ኣብ ሊዕሊ ኣፍሪቃውያን ዘሎዎም ብድዐን ንዕቀትን ዘመልክት ምኳኑ ኩሉ ኣፍሪቃዊ ብፍላይ ከኣ ኤርትራዊ ክግንዘቦ ይግባእ። ምዕራባውያን መንግስታት ብፍላይ ከኣ መንግስቲ ኣሜሪካ ንህዝቢ ኣፍሪቃ ከምቲ ቀደም ዘበነ ባርነት ጌሮም ከምዝሩእዩዎ እዚ ሕጂ ዘሎ ኣፍሪቃዊ ዎሎዶ ኣዔርዩ ክግንዘቦ እግባእ። እተን ኣብ ኤርትራ ሰባዊ መሰል የለን ዝብላ ሃገራት፡ ኣባኽን'ከ እልካ ምሕታተን ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ኣሜሪካ ዝነብሩ ጸለምቲ ካብ ሰብ ንታሕቲ ናብራ ከም ዘሕልፉ ዘይፈልጥ ኣሎድዩ። ኣብ ጎደና ተደርብዩ ዝነብር፣ ብጸረፋርስ (drug) ሓንጎሉ ዝተናወጸ፤ ምግቢ ሲኢኑ ተዓምጺጹ ዝሓድርን ዝውዕልን፤ መንበሪ ገዛ ዘይብሉ፤ ብሕማም ዝማሰነ፤ ከይመሃር ዓቕሚ ዝሰኣነ፤ ኣብ ቤት ማስእሰርቲ ብዝገበሮን ዘይገበሮን ገብን ጌርካ ተባሂሉ ዝሳቐ ዜጋ ኣዲኡ ትቁጸሮ። እዚ ኩሉ ሰብኣዊ መሰላት ናይ ዜጋታቶም እናገፈፉ ከለዉ፡ ነዛ ናይ ጽቡቕ ኣብነት ዝኾነት ኤርትራና ብናይሓሶት ጠቕነታት ኣላጊብካ እገዳ ምግባር ነቲ እኩይ ተግባሮምን ሕልሞምን ዘግህድ ምኳኑ እዩ ዝሕብር። እዞም ሰለስተ ሰባት ነዚ ረፖርት ዘቕረቡ፤ ነገዛእ ነብሶም ሓቂ ንኸይዛረቡ መሰለም ዝተገፉ ሰባት እዮም። ኣብ ክንዲ ንኻልኦት ንመሰልኩም ክንጣበቕ ኢና ምባሎም፣ ቅድም ንመሰሎም ምጥባቕ ይሕሾም።

ብዛዕባ 500 ሰባት ረኺብና ኣዘራሪብና ኮምኡውን 260 ብጹሑፍ ኣረጋጊጽና ዝብሉዎ እንተኮይኑ፣ እዋእ እሞ ምስ ወይጦታትን መወልቶምን ( ጃንዳ) ተራኺባስ ጥራሕ እዚ ቁጽሪ'ዚ ኣዘራሪባ? ወዮም ካብ ኤርትራ ኣብ ወርሒ 5000 ኣብ ዓመት 60,000 ሰባት ንመንግስቶም ተቓዊሞም እስደዱ ኣለዉ ተባሂሉ ዝውረ ድኣ እንታይ ኮነ። ንሙኳኑ ቁጽሪ ህዝቢ ኤርትራ ይፈልጡዎ'ዶ ይኾኑ? ካብ 60,000 ስደተኛታትስ 500+260 ጥራሕ ንምስክርነት በቒዖም? ውጹእ ሓሶት። ሓሲኻ ኢ-ሎ-ም-ና፣ እናበልካ ዝቐርብ ክሲ ነታ ሽማግለ ንትሑት ዓቕማ መምዘኒ ካብ ምዃን ሓሊፉ ካልእ ክኸውን ኣይክእልን።

እዚ እንታይ የርእየና ብጀካ እቶም ጻሕሊ ወያነ ዘልምጹ ውሑዳት ተንኮኣኛታ፡ ገለ ከኣ ጉሩሃት ገዲፍካ ካልእ ኤርትራዊ ዝሽገረ ይሽግሮ ንመንግስቱን፣ ንህዝቡን ነቲ ሃገር ከይትድፈር ለይትን ማዓልትን ዝከላኸል ዘሎ ሰራዊትን፤ ልዕሊ ኩሉ ከኣ ሕድሪ ሰማእታቱ ዘየድፍር፣ የሕሊፉ ዘይህብ ጽኑዕ ህዝቢ ንምስክርነት ናይ ሓሶት "ሰብኣዊ መሰል ተጣበቒት እየ" በሃልት መሳርሒ ከምዘይከውን እዛ ናይ ሓሶት ጉጅለ ኣንዳዕዲዓ ትፍለጥ። እዝን ከምዝን እንተዘይገራ ውዕለታ ስለ ዘይትኽፈል ሓሰውቲ እኻኺባ ሓሶት ክትምህዝን፣ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ከተቕርብን ንዕኣ ግድነት እዩ።

ህዝቢ ኣፍሪቃ ብምዕራባውያን መሰሉ ተሓልዩሉ ኣይፈልጥን። ክሕልዋሉ እየን ኢልካ ውን ኣይሕለምን። ብፍላይ መራሕቲ ኣሜሪካ ኣብ ልዕሊ ሃብቲ ኣፍሪቃ ዘለዎም ስስዔ ካብ መጠን ንላዕሊ ዝሓለፈ ስለ ዝኾነ። ሃብቲ ንምግሓጥ ድኣምበር መሰል ኣፍሪቃዊ ንምሕላው ንድልየቶም ዘርዋ ኣይኮነን። ፕረሲደንት ኣሜሪካ <u>ኦባማ</u> ንኤርትራውያን ኣደታትን መንእሰያትን ካብ ሃገሮም ጥራሕ ይውጹኡ እንበር ብዘይ ቅድመ ኩነት ክንቅበሎም ኢና ክብል ከሎ እንታይ ማለቱ እዩ? ጓል ኣንስተይቲ ኤርትራዊት ጅግንነት ዘርኣየት ወላዲት ጀጋኑ፡ ኣብ ኩሉ መዳያት ካብ ወዲ ተባእታይ ኣትሕትካ ዘይትርኤ፣ ብትብዓታ መሰላ ዘረጋገጸት ምኳና ስለ ዝፈልጥ እዩ። ኣብ ሰውራ ኤርትራ ፍርቂ ግደ ከም ዝነበራ ስለ ዝኣምን እዩ። ነዚ ሓይሊዚ ኣተዓሻሺኻ ንስደት እንተድኣ ወሰድካዮ ሓይሊ ኤርትራ ክዳኸም ይኽእል'ዩ ዝብል ኣተሓሳስባ ስለ ዘሕደረ እዩ ነዚ ዝምቡዕ ውሳኔ ክውስን ዝመረጸ። እዚ ከኣ ብግልጺ ኲናት ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ምእዋጅ እዩ።

ከምቲ ኣቦታትና ዝምስሉዎ " ንርስቲ ይዋጋኣላ ኣንስቲ" ዝበሃል ደቀንስትዮ ኤርትራውያን ንሱ እየን ጌረን። መሬተን ስድሪ ከየትረፉ ምስ ኣሕዋተን ኢድን ጓንትን ኮይነን ነጻ ዘውጽኣ። ናይ ሓደ ክልተ ከደዓት ንምስለን ይኹን ታሪኸን ኣይቅይሮን እዩ። ምምሕዳር ኦባማ ስለምታይ እዩ ሚልዮናት ድኻታት መክሲካውያን ኣብ ጎረበቱ ከለዉ ካብ ኣፊፍሪቃ ብፍላይ ከኣ ካብ ኤርትራ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ መንእሰያት ተጓሕጕሖም ክወጹ ዝገብር? መልሱ ከምቲ ቅድም ዝተባህለ ሓይሊ ኤሪትራ ንምድኻም እዩ። ነዚ መንእሰያት ኣፍሪቃ ብፍላይ ከኣ መንእሰያት ኤርትራ ክትነቕሑሉን ክትብድሁዎን ኣሎኩም።

ካብቲ ዘገርም ኣብ ኣሜሪካ ካብ ሓምሳ ዓመት ንላዕሊ ዝተቐመጡ መክሲካውያን ኣብ ሕርሻ ዝሰርሑ ብፍጹም ሙሉእ ስድራ ቤቶም መሰል ዝበሃል ዘይብሎ። ፍቓድ መምርሒ መኪና፣ ሕክምና፣ ኣበል ጡሮታ፤ ፍቓድ ናይ ሰራሕ፤ መሰል ባንክ፣ መሰል ትምህርቲ ዝተገፎም፤ ባረዩ ብጀካ ቋንቁኦም ካልእ ቋንቋ ዘይዛረቡ ኣሎዉ። እዚ ኩሉ መግቢ ኣብ ኣሜርካ ዝፈሪ ንሙሉእ ህዝቢ ኣሜሪካ ዝምግብ ኮምኡ'ውን ንወጻኢ ዝለኣኽ በዞም መሰሎም ዝተነፈጎም ንጹሃን መክሲካውያን ዝፈሪ እዩ። ከተማ ከይርእዩ ዝተሓረሞም መሳኪን ንመሰሎም ዝጣበቐሎም ዘይብሎም መዋእሎም ዝተሓብኡ። ገለ ከኣ ናብ ኣሜሪካ ክኣትዉ ኣብ መንገዲ ዝተረፉ ድራር ኣራዊት ዝኾኑ ክንደይ ኢልካ እሞ ክቑጸሩ። ኣበይ ኣለዉ ድኣ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰል።



THE AFRICAN SLAVE-TRADE—SLAVES TAKEN FROM A DHOW CAPTURED BY H.M.S. "UNDINE"

**ኣፍሪቃውያን ብዘስካሕክሕ ኩነታት ካብ ኣፍሪቃ ንምዕራባውያን ክሸየጡ (ባረዩ) ዘርኢ ስእሊ። ምዕራባውያን መሰል ኣፍሪቃውያን ገፊፎም ንመሸጣ ከውዕልዎም ከለዉ። ዋላ ሕጂውን መልክዑ ድኣ ቀዪሩ እምበር እቲ ባርነትስ ይቕጽል እዩ ዘሎ።**



**ብዓለም ዝተወገዘ ኣውቶሚክ ቦምብ ኣብ ካልኣይ ውግእ ዓለም ኣብ ሊዕሊ ህዝቢ ጃፓን ዘውረዶ ጉድኣት ክሳብ ሕጂ ኣብ ሂሮሺማን ነጋሳኪን ምሉእ ጥዕና ዘለዎም ህጻናት ኣይውለዱን ዘለዉ።**



**ብናይ ኣሜርካ ነፈርቲ ውግእ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ቬየትናም ዝተፈጸመ ኣስካሕካሒ ሂልቂት። ብኣማእት ዝቑጸራ ነፈርቲ ንንጹሃ ህዝቢ ቬየትናም ብቦምባታት ክድብድባ ከለዋ ዘሪ ስእሊ።**



**ቤት ማእሰርቲ 'ጎንታና ሞ' ሰብኣዊ መሰል ፈጺሙ ዝተጋህሰሉ። ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰል ብዛዕባዚ እንታይ ይብሉ።**

 

**ቤት ማኣሰርቲ ኣቡ ግረብ ዒራቕ። እሱር መሰሉ ዘይሕለወሉ። ኣብዚ ቤት ማእሰርቲ'ዚ ብጣዕሚ ኣጻያፊ ተግባራት ወዲ ሰብ ይገብሮ'ዩ ኢልካ ዘይትኣምኖ ኣነውሪ ፍጻመታትን ገበናትን ዝተፈጸመሉ፣ ቤት ጽሕፈት ሕቡራት መንግስታት ዓይኑ ዝዓመተሉ፣ እዝኑ ዝሎኮተሉ፣ ኣፉ ዝተሎግመሉ፣ ናይ ገበን ኣብ ልዕሊ ገበን ዝተፈጸመሉ ቤት ማእሰርቲ እዩ።**



አፍጋኒስታውያን ሲቪላውያን ኣብ ቤት ማእሰርቲ ኣሜሪካ ኣብ ኣፍጋኒስታን። ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት እዚኣቶም ሰብ እንዶ ኣይኮኑን ስለምታይ ዘይጣብቑሎም፡፡ ኣብ ገዛእ ሃገሮም ብባዕዳውያ ክሳቐዩ ምተገበኤ'ዶ?



ነፈርቲ ውግእ ኣሜርካ ንከተማ ሊብያ ኣብ ዝደብደባሉ እዋን ካብ ዘውረድኦ ዕንወት ዘርኢ ስእሊ። ልዕላውነት ሃገር ዝግህስ፣ መሰል ደቂ ሃገር ዝጥሕስ ዓማጺ ተግባር። ዩናይተድ ነሺንን ሉኡኻቱ እንታይ ኣውቀዩ።



ነፈርቲ ውግእ ኣሜሪካ ኣብ ከተማ መቓድሾ ኣብ ልዕሊ ህዝብን ንብረትን ዘውረድኦ ዕንወት። ዩናይተድ ኔሽን ሰብእዊ መሰል ተጣበቕቲ ኢና በሃልቲ ተሓቢኦም ዘሕለፍዎ ዘጸይፍ ተግባር።



ምትእትታው ባዕዳውያን ዘስዓቦ ዕንወት ኣብ ልዕሊ ህዝብን ንብረትን ሂወትን ኣብ ከተማታት የመን፡፡



ዓመጽቲ ሃገርን ህዝባን ቀሲኖም ከይነብሩ ሕንፍሽፍሽ ካብ ዘእተውለን ሃገራት ብቕርስታት ሃብታም ዝኾነት ሱርያ፣ ህዝባ ኣፋሎሶም ህንጻታታ ኣፈራሪሶም ግደ ውግእን ጥፋትን ጌሮማ ትርከብ።




ደቡብ ሱዳን ዘይንቡር ውግእ ካብ ዝኸፍኤ ናብ ዝገደደ፡፡ ምትእትታው ኣሜሪካ ዘይቲ ንምግባት ንህዝቢ ደቡብ ሱዳን ኣብ ዘይወጽእ ሽግር ኣውዲቑዋ። ቀዳማይ ጌጋ ካብ ሰመን ሱዳን ምፍላይ፤ ካልኣይ ጌጋ ምስ ጃንዳ ምምኻር ዝዓበ ጌጋ ንእሜሪካ ምእማን። ዩናይተድ ነሽን ኣገልጋሊ ሓያላን ዳንበር ኣሳላፉ ዱኹማት ኣይኮነን።



ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣደዳ ማእሰርትን መሬቱ ምምንዛዕን ኮይኑ። ውሑዳት ዝህብቱሙላ ሚልዮናት ጾሞም ዝሓድሩላ፣ ህይማኖታት ዝድፈረላ፣ ብውሑዳት ጭፍራ እትግዛ ናይ ምዕራባውያን ዕስብቲ ኮይና ተሪፋ። መሬታ ንወጻእተኛታት ተሸይጡ መኻዕበቲ ጁባ ጃንዳ ኮይና ኣላ።

ዝኸበርኩም ኤርትራውያን ንዓና እገዳ ሓድሽ ኣይኮነን። ኣየናይ ዘበን'ዩ ብሓያላን ብፍላይ ከኣ ብመንግስቲ ኣሜሪካ ዘይተኣገድና። እቲ ሕጂ ፍሉይ ዝገብሮ ድሕሪ ነውሕን ከቢድን ኹናት ምዕዋትናን፤ ሃገርና ክንሃንጽ ምጓዓዝናን፤ እሞ ሒዝናዮ ዘሎና ኣንፈት ኣወንታዊ ለውጢ ስለ ዘራየን ብምኳኑ ሓሳዳትን መወልቶምን ክወሓጠሎም ስለ ዘይከኣለ፤ ንጉዕዞ ግስጋስና ከተሓናኹሉን ከጉዱምን ድቃስ ስለ ዝሰኣኑ እዩ። ቤት ጽሕፈት ሕቡራት መንግስታት ሓደ ኣካል ቤት ጽሕፈት ኣሜሪካ ዳንበር ንውጹዓት ሃገራት ዝሚጎት ኣይኮነን። ዘሕዝን ነገር እንተሎ ነዛ ኣሸሓት ዝተሰዉኡላ ሃገር፤ ክሱዉኡላ ተዓጢቖም ዘለውን ክሒድካ ምስቶም ትማሊ ኣስከረን ስዉኣትና ዝበታተኑን ሕብሪ ዓይኖም ከም ሕብሪ ዓይንና ከሎ፤ ሕብሪ ዓይንኹም ኣይተበረሃናን እሎም ካብ ህጻን ክሳብ ኣረገውቲ ኣደታትን ኣቦታትን ንብረቶም ራሲዩ ኣባሳቢሱ ዝሰጎጉ ስርዓት ወያነ ኮይኖም ትፋኦም ዘልምጹ ዘለዉ ኤርትራውያን ወግሒ ጸብሒ ሃገር ንምዕናው መቐለ ሸዋ መምርሒ ጃንዳ ክቐበሉ ዝመላለሱ ምህላዎም እዩ።

ንሕና ኤርትራውን መሪር ሕሱም ተሞኩሮ የሕሊፍና ኢና። ካብ ውግእ ክልተ ኣሕዋት ዝኸፍእ የለን። እቲ መድረኽ ኮምኡ ስለ ዝነበረ ከኣ ሓደ ሰዓሪ ሓደ ከ ተሰዓሪ ኮይኢኑ ተደምዲሙ። እዚ ፍጻሜ'ዚ ንማንም ኤርትራዊ ሕልና ዘለዎ ዘይቅበሎ ተግባር'ዩ ኔሩ። ግን ኮይኑ። እሞ ሕጂኸ ነታ ማይ ገዲፉ ደም ዝነብዔት ዓይኒ ድሕሪ ደበሰኣ ዳግም ደም ንምምብዓ ዝህቀን ፈተነታት ውጺኢቱ ፍሽለት ጥራሕ እዩ ዝኸውን። እቶም ነዚ ፈተነታት'ዚ ምስ ሰረቐትን ሓሰውትን ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት ኢና ዝብላ ኳንኩም ንስለ ከብዱኹም ሃገር ንምዕናው እትታሃባበሩ ዓጽሚ ስዉኣት ኣቦታትኩምን እደታኩም ኣሕዋትኩም ኣሓትኩም መታዓብይቱኹም መማህርቱኹምን ከምዝወግኣኩም ኣይትዘንግዑ። ነቶም ብግህሰት ሰብኣዊ መሰል ዝኸሱና ኣብ 1991 ከምዘይኮና ዓለም ዝፈልጦን ዝመስከረሉን ነጊርናዮም ኔርና። ነቶም ህዝብና ዝሓረዱ፡ ኣባይትና ዘንደዱ፡ ኣደታትና ከብደን ብሳንጃ ዝቐደዱ፡ ጥሪትና ዝዘመቱ፡ ኣዋልድና ዝዓመጹ፡ ንብረትና ዝወሰዱ፡ ወተሃደራት ኢትዮጵያ ካብ ዘይብልና መፋነዊ ሂብና ኣብ ዝደለዩዎ ክኸዱ ኣምሪጽና እና ኣፋኒናዮም። ካብዚ ዝዓቢ መሰል ደቂ ሰባት ዝሓለዋ ሃገራት ኣዝየን ዉሑዳት እየን። እተን ዝኸሳና ግን ኣብዚ ቁጽሪ'ዚ እንኳንዶ ክህልዋስ ኣብጥቑኡ'ውን ኣይቀርባን እየን፤ ምኽንያቱ ባህርያተን ስለ ዘየፍቕደለን።

ዝኾነ ይኹን ኤርትራዊ ኣብ ውሽጢ ሃገር ይሃሉ ኣብ ወጻኢ ርእይቱኡ ብዘየገድስ ፤ ነዚ ዝንቡዕ ውሳኔ ከምዝኹንኖን ኣትሪሩ ከምዝምክቶን ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቶም ተደጋጋሚ ገበናት ዝፈጸሙ ቀይሕ መስመር ዝሰገሩ ጌጋኦም ምእራም ስዕረት ኮይኑ ዝስምዖም እከይ ተግባራቶም ካብ ምቕጻል ዓዲ ኣይከውዕሉን እዮም።

<u>መተሓሳሰቢ</u>፡ ብዛዕባ ኣሜሪካ እከይ ተግባር ክንዛረብ ከሎና፡ ብዛዕባ ህዝቢ ኣሜሪካ ማለት ኣይኮነን። ህዝቢ ኣሜርካ ደላይ ሰላም ፈታው ካልኦት ኣህዛብ፣ ሊጋስን ተቐባላይ ጋሻን ምኳኑ ክፍለጥ ይግባእ። ክምስገን ድማ ኣለዎ። ኩሎም ካልኦት ኣህዛብ ናይተን ንጥፍእትና ከይደቀሳ ዝሓድራ መንግስታት እውን ፈታው ሰላምን ፈቃርን ምኳኑ ክንግንዘብ የድሊ።

ዝኾነ እንተታት ብሱሙር ቕልጽም ሓፋሽ ኸድርዓም እዩ።

ተወፋይነትና ንሃገርናን ህዝብናን ደረት የብሉን።

መንእሰያትና እሙናት ተሰከምቲ ሕድሪ እዮም።

ተጻብኦታቶም ንሓድነትና የትርሮ፡ ነተሓሳስባና የብልሖ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና።

ዓወት ንሓፋሽ።

ገብረንጉስ መስመር።